ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም ኣብ ባደንቩርተንበርግ
ERITÄISCHER VEREIN FÜR FRIEDEN
IN BADEN-WÜRTTEMBERG
الجمعية الإريترية للسلام

# 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት

18. ሰነ 2006

ህዝቢ ኤርትራ ንሳላሳ ዓመት ብብረት ድሕሪ ምምካት እታ ንቡዙሕ ዓመታት ዝተነፍገቶ ናጽነት ንኽጭብጥ ቢሎም ኣብ ተራባረብ ዝነበረሉ ግዜ ዝተሰዉኡን ከም’ዉን ብፕረሲደነተ ኢሳያስ ዝተወለዐ ናይ ዶብ ዉግእ ዝተሰዉኡን መንእሰያት ኣብ ሰዊት ዕድማኦም ዝወደቑ ምእንቲ ሃገሮም፡ ህዝቦም፡ ምዃኑ ሎሚ 20 ሰነ ክንዝክሮም ይግባእ።ድልየቶምን ትምኒቶምን ዕላምኦምን ምእንቲ ሃገሮምን፡ ሕዝቦምን፡ ምእንቲ ሰላምን፡ ርግኣትን፡ ቅሳነትን፡ ምእንቲ መሰልን ክብርን፡ ኣንጻር ድንቑርናን ባርነትን ክብሉ ሕወቶም ዘወፈዩ እዮም።

እሞ ኸዳአ ሎሚ: ሃገረ ኤርትራ፡ ከምቲ ስዉኣትና ዝተተምነየይዎን፡ ዝደለይዎን፡ ዝተቓለሱሉን ፡ ትምርሽ ዶኣላ? ኣይፋል፡ በንጻሩ ዝተቃለሱሉ ዕላማ ሸቱኡ ወቒዑ ከብቅዕ ጠለምቲ ንጠቅሞም ክብሉ ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ጠምዚዞም ንህዝብና ኣብ ድቅድቅ ጸልማት አእትዮም ሽግርን መከራን ከም ዝረክብ ገሮሞ ኣለዉ ። እሞ ንሕና ነቲ ዝተበጀዉሉ ዕላማ ኣብ ቦትኡ ክንመልሶ እንተ ኮይና ፡ ኩላትና ሓቢርና ብርግኣትን ብዘይስግኣትን፡ እነረክበሉ ብሩህ ናይ ፍትሕን ሰላምን ምዕባለን መጻኢ ዕድል ክንፈጥር ክንጽዕር ኣሎና።

እዚ ምስ እንገብር ካአ እዩ እቲ መስዋእቶም “ **ተኽሊ ሰላም**“ ገቢርና ክንቆጽሮ ንኽእል። *ሸዑ ባሓቂ ህሉዋት ዝሕጎሰሉን ስዉኣት ዝቐስኑሉን፡ ዶሞም ንተኽሊ ናጽነትን ሰላምን፡ ንመደብ ፍትሕን ርትዕን ከም ወሓዚ ማይ ኮይኑ ክሰትዮምን ከጥልሎምን ቅሳነት ሰፊኑ ንወትሩ“ **ንከንቱ ኣይመቱን**“ ምእንቲ ክንብል ወትሩ ነዚ ኣብርቲዕና ክንጽዕር ኣሎና።

እዚ ግን ብቑኑዕ ልቢ ተበጊስና ቃንዛን ስቓይን መንእሰያት ብፍላይ፡ ብሓፈሻ ካአ መረረን ኣደራዕን ህዝቢ ኤርትራ ብሓድነት ንምፍታሕ እንተዘይ ተቃሊስና፡ ብተናጽሎ ዝግበር ኣድላይነት እኳ እንተሃለዎ ኣብ ሓድነት እንተዘይ ተጠርኒፍና እንተዘይ ተሰሪሑዎ ፡ኣብ ኮለልን እንከሐራን ኣብ መወዳእታ ካአ ሓሸዊየ ናይ ፖለቲካ ኮይኑ ጥራይ እዩ ዝተርፍ። ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ተስፋን ትጽቢትን ተነቢሩሉ ዘሎ ናይ ጽባሕ ዲሞክራሲያዊ ሓይሊ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣማስይኡ ከአ ብህዝቢ ዝተመርጸ ዕላዉን ሕጋዉን መንግስቲ እርትራ፡ ከም ኮኾብ ሰማይ ብርሑቅ ጥራይ ክሃርፎን ክዕዘቦን ክነብር’ዩ።

ስለዚ ስቪካዉያን ማሓበርትን፡ ብዓቢኡ ኻአ ፖለቲካዊ ዉድባትን ነግ ፈረግ ከይበላ ኣድላይነት ሓድነት ኣብ ዉሽጢ ፍልልያት ቀዳምነት ብምሃብ ምስ ፖለቲካዉን ፖሊስኣዉን ፍልልያተን ሓድነትን ሕዉነትን ክፈጥራ ይግባእ። ከምቲ ንሰንሰለታዊ ሓጼን መግዛእቲ ዝበንጥስ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ'ዉን ከምትማሊ ተደሪቡ ዝተፋሕሰ ፈትሊ'ዩ ኣጽኒዑን ኣትሪሩን ዝኣስር እሞ፡ ንሓድነት ብሓድነት አበርቲዑ ክስርሐሉ ታሪኽ ደጊሙ ይጽዉዖ' ሎ።

## ስዉኣትና ንዘላአለም ይዘከሩ።

ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም
ስቱትጋር ኣብ ባደንቩተርንበር ጀርመን